Renting in Seattle

ገዛ ምቕያር

ብዛዕባ ምቁራፅ ስምምዕነት ክራይ ክንፈልጦ ዝግባእ ብዙሕ ነገር ኣሎ። እዚ ብሮሹር ገዛ ክትቅይር ክትደሊ ከለካ ወይ ባዓል ገዛ ንክትቅይር ክነገረካ ከሎ ታይ ክትገብር ከምዘለካ የርድእ። ብዛዕባ ዲፖዚት ዋሕስ ድሕንነት፣ ምጉብናይ መካረይን ከይዲ ምልቃቅ ገዛን እውን የብራህርህ።

ኣብዚ መርበብ ሓበሬታ ተወከስ **www.seattle.gov/rentinginseattle** ወይ ድማ ናብ **Renting in Seattle Helpline** (ስልኪ መስመር ሓገዝ ምክራይ ኣብ ሲያትል) ብ **(206) 684-5700** ደውል።

City of Seattle

Tigrinya

ገዛ ምቅያር እንትትደሊ

- ክራይ በብወርሒ ትከፍል ተኾይንካ፣ ክትወፅእ ክትደሊ ከለኻ ኣብቲ ትወፀሉ ወርሒ 20 ማዓልቲታት ኣቀዲምካ ብፅሑፍ ንኣከራይ ገዛኻ ክተፍልጥ ይግባእ፡ ፡
- ንዝተወሰነ እዋን ዝፀንሕ ሊዝ ተሃልይዎም፤ ኑቲ ውዕሊ ሊዝ ብምግላፅ ፣ኣብ እዋን ምምልካት ዘድልዩ ኩነትት ምርኣይ ይከኣል፡፡
- ገዛ ከምዝለቁ ብኣግባቡ ተዘይኣመልኪቶም ንዝቅፅል ክፍሊት ክራይ ተጠያቒ ክንብሮም ይክእል እዩ፡፡
- ኣብ ሒደትን ውሱንን ኩነታት ምፍራስ ውዕሊ ሊዝ ብሕጊ ይፍቀድ እዩ፡፡ እቲ ሊዝ ግዚኡ ቅድሚ ምሕላፉ ጠጠው ክብል ተኾይኑ፣ ብስምምዕነት ምቁራፅ፣ ኣድላይ ተኸኑ ሓገዝ ሕጊ ምድላይ፡፡

ኣከራይ ገዛኻ ገዝኡ ክትለቅሉ ኣብዝደልየሉ እዋን

ሊዝ ተድኣ ሃልይዎም፣ እቲ ሊዝ ከመይ ከምዝቋረፅ ካብቲ ክፍሊ ይመልከቱ፡፡ ኣብ ዝተወሰነ እዋን እንተድኣ ተወዲኡ፣ ንምሕዳሽ ውዕልን ናብ ወርሓዊ ክፍሊትን ዘኽእል መማረፂ ክህሉ የብሉን፤ ብመሰረት እቲ ሊዝ ክትወፀ የድሊ፡፡

- ክራይ በብወርሒ ትከፍል ተኾይንካ፣ እቲ ኣከራይ ገዛኹም *ቅቡል ምክንያት* ክራይኩም ከቋርፆ ክህልዎ ይግባእ፡፡ እቲ ብፅሑፍ ዝቀረበ መጠንቀቕታ ቅቡል ዝኾነ ምክንያትን ዕለትን ምልቃቅ ገዛ ብዝርዝር ክገልፅ ይግባእ፡፡ ተቀባልነት ዘለዎም 18 ምክንያታት ኣብ *www.seattle.gov/rentinginseattle* ኣለዉ፡፡
- ዝተወሰኑ ዘእምኑ ምክንያታት ኣብ እዋን ምቅያር ኣከራይ ገዛ ገዛ ክተሓባበር የድሊ፡፡
- ካብ ኣከራይ ገዛ ክትለቁ ዝብል ትእዛዝ እንትመፆም ናብ Renting in Seattle Helpline ብምድዋል እቲ መጠንቀቕታ ሕጋዊ ምኻኑን ዘይምኻኑን የረጋግፁ፡፡

	ዘለዉ ኩነታት ኣብ እዋን ምኽታው ገዛ	ዘለዉ ኩነታት ኣብ እዋን ገዛ ምቅያር
ምንፃፍ	✓ ፍትሓዊ ኩነታት - ዝተወሰነ ሃሲሱ/ መንገዲ	✓ ከምዝነበሮ
መጋረጃታት	✓ ኣብ ፅቡቅ ኩነታት	✗ ብድሙ ዝተበላሸወ
ባይታ ባልኮኒ	✓ ነ” ምልክት ምቅፃል	✓ ከምዝነበሮ
ሕብሪ	✓ ሙሉእ ንሙሉእ ከም ሓድሽ ዝተቀበአ	✗ ኣብ መደቀሲ ዘሎ ዘይተፈለጠ ቀለማት

ኩነታት ምቅያር ገዛ

- እቲ ንብረት ኣብዝምለሰሉ እዋን ብከይዲ ዝመፅእ እርጋን ኣብ ግምት ብምእታው ከምዝነበሮ ከምለስ ሕጊ የግድድ።
- ናብ ሓድሽ ገዝኡም ኣብ ዝኣትውሉ እዋን መከራይኡም ዝርዝር ኩነታት እቲ ገዛ ከቅርብ ይግባእ። እቲ ገዛ ኣብዝለቁሉ እዋን ድማ ኣብ ንብረት ጉድኣት ምብፃሑን ዘይምብፃሑን ብትዝርዝር ይውሰን።
- ጉድኣት እንተሃልዩ፣ኣከራይኡም ዕድመን ኩነታትን እቲ ዝተበላሸወ ንብረትኣብ ግምት ብምእታው ካብ ዝግብኦ ዋጋ ንላዕሊ ኣየከፍልን።
- እግረመንገድካ ምስ መካረይካ ምምይያጥ ዝተለመደ ተግብር እንትኮን ብሕጊ ግን ኣይግደድን ቁልፊ ንባዓል ዋና ቅድሚ ምምላሶም ኩነታት እቲ ገዛ ብፅሑፍ ምስፋሮም የረጋግፁ ኣብ ዙርያ ተመላሲ ተቀማጢ ሕሳቦም ዘይምቅዳው ተጋጢሙ ምስልን ቪድዮን ምቅራብ ሓጋዚ እዩ።

ተመላሲ ተቀማጢ ሕሳብ

- እቲ ስምምዕነት ክራይ ንከውዳእ 21 መዓልትታት እንትቀርዮ፣ ኣከራይ ገዝኡም ምክንያት ምቁራፅ ምቅማጥ ቅርሺ ብምግላጥ ነቲ ድንማ ጠጠው ከብል ኣለዎ።
- ኣከራይ ገዝኡም በቲ ዝግባእ ናይ 21 ማዓልታት ምቁራፅ ድንማ ተዘይተገዚኡ፣ናብ Renting in Seattle Helpline ደዊሎም ይጠይቁ።
- ኣብ ብልሽት፣ እርጋን፣ወፃእታት ፅገናን ዘይተከፈለ ሕሳብን ዘይምስምዕማዕ እንትልዓል ብሓገዝ Dispute Resolution Center of King County (ማእከል ሽምግልና ኪንግ ካውንቲ) ኣቢሉ ብሽምግልና ክፍታሕ ይግባእ።
www.kcdrc.org ወይ ድማ ብቤት ፍርዲ ኣናኣሽቱ ሕቶታት *www.kingcounty.gov/courts/district-court/small-claims.aspx*።



መካረይ ናብቲ ገዛ ክኣትወሉ ዝክእል ኩነታት

- ፍሉይ ምኽኒያት ምስዝህሉ፣ ኣከራይ ገዛኻ ኣቐድም ኣቢሉ ሓበሬታ ብምሃብ ቤትካ ክኣቱ ይኽእል።
- ስምምዕነት ዝተገበረሎም ሕድሳት ዘድለዮም ነገራት ንምፍፃም ክልተ መዓልቲ ኣቀዲምካ ምምልካት የድሊ፡፡
- ምስ ስራሕ ኩነታት እንተ ዘይጥዕመካ ኮይኑ፣ ኣከራይ ገዛ ዝጠለቦ ሕቶ ናይምንጻግ መሰል ኣሎካ፣ ግና ካልእ ኣማራጺ ግዜን ሰዓትን ክትህቦ ናይ ግድን እዩ።
- ናብ እትንብረሉ ቤት ናይምእታው መሰል ተኸራዩን ኣከራይን ክልቴኹም ቅቡል ብዝኾነ ምኽኒያት ክትስማምዑ ሕጊ የገድደኩም እዩ።

ካብቲ ገዛ ምውፃእ

ኣካራይ ካብ ቤት ፍርዲ መልቀቂ ካብ ላዕለዋይ ቤት ፍርዲ Write of Restitution (ትእዛዝ ምልቃቕ) ተካራይ።

እቲ ከይዲ ገዛ ንክለቅቅ ዝሕብር መረዳእታ ብምሃብ ይጅምር፡፡ እቲ ተካራዩ ኣብ እተብሃሎ እዋን ተዜወፅዩ፣ እቲ መካረይ ጉዳዩ ናብ ቤት ፍርዲ ብምውሳድ መፀዋዕታ ቤት ፍርዲ ከቅርብ ይክእል፡፡ እቲ ተካራይ ኣብ ዝተብሃሎ እዋን ተዘይተገቢርዎ፣ብቀጥታ መቅፃእቲ ይበፅሖ፡፡ ኣብ መወዳእታ እቲ ዳኛ ውሳኒኡ ብ ምክንያት ኣመልክቱ ውዕሎ ቤት ፍርዲ ኣቢሉ ይውስን፡፡

ብወገን ኣካራይ ናይ ምልቃቅ ጥያቄ ተድኣ መፂዎም ካብ ብዓልሞያ ሕጊ ሓገዝ ምጥያቅ የድሊ፡፡ ኣብ ማህደር ገዛ ክራዮም ዝሰፍር ናይ ምስጋግ ታሪክ ኣብ እትገብርዎ ኣለሻ ኪራይ ክከብድ ብምግባር ኣብ ክሬዲትኩም ጉድኣት የስዕብ፡፡

ንተወሳኪ ሓበሬታ ናብ Renting in Seattle Helpline (ስልኪ መስመር ሓገዝ ምክራይ ኣብ ስያትል) ሓበሬት ዝህብ መስመር መውሃቢ ሓገዝ ይደውሉ፡፡

City of Seattle

Seattle.gov/rentinginseattle
መስመር ሓገዝ (206) 684-5700

Seattle ኣብ ንኹሉ ዝሓቁፍ ጽንባረን ማዕርነት ዜጋን እያ ትኣምን። ስደተኛታትን ዑቕበኛታትን ኣብዚ ከተማ ሓንጎፋይ ኢልና ንቕበሎም። ኩነታት ጉዳይ ስደተኛነት ብዘየገድስ፣ ሰራሕተኛታት ምምሕዳር ከተማ Seattle ንነበርቲ ብዛዕባ ዜግነትን ካልእ ጉዳያትን ኣይሓቱን።

ስንክልና እንተድኣ ሃሊዩካ እሞ ብዛዕባ ስንክልና ብካልእ ኣማራጺ ዓይነት ሓበሬታ ካባና እንተደሊኻ ናብ መስመር ሓገዝ ደውል። ናይ ምስማዕ ጸገም ንዘለዎም ዝግበር ሓገዝ TTY መስመር (206) 233-7156 እዩ።

ኣገልግሎት ትርጉም ኩሉ ጊዜ ቅሩብ ኣሎ። እዚ ሰነድ ኣብዚ ዝስዕ ክትረኽቦ ትኽእል:

English • Spanish • Oromo • Somali • Amharic • ភាសាខ្មែរ • 中文 • 한국어 • ພາສາລາວ
русский язык • ภาษาไทย • Tigrinya • Tiếng Việt